# ብዓል ቅ. ቊርባን
## You are what you eat

**"ለዝ ኅብስት ምሳሐ በዓለ ወለዝ ጽዋዕ ደመ ነበልባል ሦዕዎ አይሁድ በመልዕልተ ቅዱስ መስቀል" (ዚቅ ዘቅ. ቊርባን)።**

**ንባባት፡** 2ቆሮ 20፡16-17፥ (ዘዳግ 8፡2-16)፥1ጴጥሮ 2፡12-25፥ ግ.ሓ. 27፡8-33፥ ዮሓ 6፡51-58

**ምስባክ**ወሠራዕከ ማእደ በቅድሜየ፥ በአንጻሪሆሙ ለእለ ይሳቅዩኒ፥ ወአጽሓድከ በቅብእ ርእስየ። "ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ መእዲ ትሠርዓለይ፥ ንርእሰይ ብዘይቲ ቐባእካዮ" መዝ. 23፡5።

ኣብ ላቲናዊ ስርዓት ዝኽተሉ ድሕሪ ብዓል ቅ. ስላሴ ዘላ ሰንበት Corpus Christi "The Body of Christ" "ሰውነት ክርስትስ" ብምባል የብዕሉ። ኣብ ዓድና እውን ምስዮናውያን ብፍላይ ላዛሪስት ብዘእተውዎ ኣብ ገለ ቊምስናታት ብዓል ቅዱስ ቊርባን ተባሂሉ ኣብ ካልአይቲ ሰንበት ድሕሪ ብዓለ ጰራቅሊጦስ ተዘኪሩ ይብዓል። ሥጋን ደምን ናይ እቲ ሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ማለት "ክርስቶስ ኣብኡ ብሓቂ ህልዊ ዝኾነ" ኣብ ትሕቲ መልክዕ ህብስትን ወይንን ኣብ ቅዱስ ቊርባን ከምዘሎ ንአምን።

እዚ ብዓል ኣብ ዓዲ ፈረንሳይ ኣብ መፋርቕ 13 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኡርባን ፬ይ ብ1264 ከአ ኣብ መላእ ቤተ ክርስትያን ከምዝብዓል ተገሩ። እዚ ብዓል ኣብ ክልተ ግልጸታት ሰውነት (ሥጋ) ክርስቶስ ክነተኩር ይሓተና፥ ቅ. ቊርባን ከም ቀንዲ ዓላማን ቤተ ክርስትያንን። ኣብ መጽናዕቲ ብዛዕባ አመጋግባ ደቂ ሰብን ብዛዕባ ምግቢ ብዝርእን እንተ ርአና እዚ ስዝዕብ ሓቂ ኣሎ። ንስኻ እቲ እትበልዖ ኢኻ እትኸውን""ጽቡቕ መግብን ጽቡቕ አመጋግባን ንሰውነትና ጽቡቕ ይገብሮ"። ግዙፍ መግቢ ንግዙፍ ሰውነትና እዩ ዝምግብ ወላእኳ ኣብ ገለ እዋን ጥዕና ዝመልኣ ነፍሲ ወይ አእምሮ ኣብ ጥዕና ዝመልአ ሰውነት እያ እትርከብ እንተ ተባህለ። እቲ እንምገቦ ግዙፍ መግቢ ንግዙፍ ሰውነትና ጥዕና ይህቦ ከምኡ ሥጋን ደምን ክርስቶስ ንነፍስና መንፈሳዊ መግብን ጥዕናን ይህባ ከምኡ ንዘለዓለማዊ ሕይወት ይሕልዋን ይቕርባን። ቅ. ቊርባን ንነፍስናን ንኣእምሮናን ኣብ ጥዑይ ሰውነት ከምዝነብር ጥራሕ አይኮነን ዝገብሮ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንቀውም ብቑዓት ይገብረና። ቅ. ቊርባን ኣምላኽ ባዕሉ ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞ ሕይወትና ክምግበና ኢሉ ዝሃበና እዩ።

ቅ. ቊርባን ኣምላኽ ብቐጻሊ ኣብ መንጎና ከምዘሎ ዝገልጽ እዩ። እዚ ማለት ከአ ካብዚ መእዲ ቅ. ቊርባን ብንጹሕ ሕልና ተቐሪብና ክንካፈል እንከሎና ንኣምላኽ ንቕበሎ ንሱ ኸአ ምሳና ይኸውንን ይምግበናን። ብመንጽር እዚ ርድኢት ክንርእዮ እንከሎና ንኢየሱስ ኣብ ሥጋኡን ደሙን ክነምልኾ እንከሎና ኣብ ኣምላኽ ምሉእ እምነት ዘይተመቓቐለ ፍቕርን ናይ ርእስና ከም መባእ ኣብ ኣገልግሎት ካልኦት ክነቕርብ ይሕብረና።

ኣብ መጽሓፍ ዘዳግም 8፡2-16 ዘሎ እንተ ረአና እግዚአብሔር ንደቂ እስራኤል ኣብ ጉዕዞ በረኻ እንከለዉ መግቢ ካብ ሰማይ መጊብዎም (መና) ከምኡ ዝስተ ካብ ሰማይ ሂብዎም። ሙሴ ንህዝቢ እስራኤል ኣምላኾም ክንደናይ ሕያዋይ ከምዝኾነ ክገልጽ እንከሎ ንኹሉ ዘድልዮም ይህቦም ከም ዝነበረ ብፍላይ መና ካብ ሰማይ ብምውራዱ ከምዝገለጾ ይነግር። ንሱ ኣዋረደኩም ኣጥመየኩም

ንስኻትኩም ዘይፈለጥክምዎ ኣቦታትኩም እውን ዘይፈልጥዎ መና ኸአ ኣብልዓኩም፥ ንኣምላኽኩም ኣይትረስዑ፥ ማይ ብዘይብሉ ኣጻምእ ገፊሕን ዜፍርህን ምድረበዳ መርሓኩም፥ ካብ ጽኑዕ ከውሒ ድማ ማይ ኣውጽኣልኩም፥ ኣብ ምድረ በዳ ኣቦታትኩም ዘይፈልጥዎ መና ኣብልዓኩም እዚ ኸአ ኣብ መወዳእታ ኼጽብቐልኩም ኢሉ ኣዋረደኩምን ፈተነኩምን። እግዚኣብሔር ነዚ መግቢን ነዚ ዝስተን ብምሃቡ ፍቕሩ ገሊጽሎም፥ ኣብ ኩሉ ጉዕዝኦም ክሕልዎም ከምዝደሊ ከምኡ ኣብ መንፈሳውን ግዙፋውን ነገራት ክሕልዎም ከምዝኽእል ገሊጽሎም። ብተመሳሰሊ መገዲ ኣብዚ እዋና ኣምላኽ ነቲ ሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ምስጢረ ቅ. ቍርባን ሂቡና። ሥጋን ደምን ክርስቶስ ምእንቲ ሕይወት ዓለምን ንነፍስወከፍና ኢሉ ሂቡና። በዚ ምኽንያት እያ ቤተ ክርስትያን ንቅ. ቍርባን ምስጢር ናይ ሓበራዊ ድሕነት እናበለት እትገልጾ። ቅ. ቍርባን ምእንቲ ድሕነት ኩሉ ዓለም እዩ ተዋሂቡና። በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኽረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ኽሳእ ዚህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀሮ (ዮሓ 3፡16)።

ቅ. ጳውሎስ ኣብ መልእኽቱ ሓድነት ቤተ ክርስትያን ኣብቲ ብሓባር ኣብ ሥጋን ደምን ኢየሱስ ዝካፈልዎ ከም ዝምስረት ይነግረና። ኣብ መስዋዕቲ ቅዳሴ ኣብ ዝዓርገሉ እዋን ሰባት፥ ሕብረተሰብ፥ ዓለታት ሃገራትን ኣብ ሓደ ኣብ መኣዲ ክርስቶስ ይሓብሩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቅዳሴ ሓሳብና ኣብ ቅ. ቍርባንን ኣብ ህላዌ ክርስቶስ ኣብኡ ከተኩር ኣለዎ።

ካልእይ ኣትኩሮና ኣብዚ ብዓል እዚ ኣብ ሰውነት ክርስቶስ ዝብል ኣብ ቤተ ክርስትያን ዝግለጽ እዩ። ቤተ ክርስትያን ሰውነት ክርስቶስ ትብሃል ምኽንያቱ ኸአ ኣብቲ ናይ ቀረባ ሓድነት ክርስቶስ ምስ ኣርድእቱ ኣብ ዘለዎ ስለ እትምስረት እዩ። ነዚ ኣብ ወንጌል ብኣምሳል ንሱ ርእሲ ኩሎም ኣመንቱ ኸአ ከም ሰውነት ተገሊጹ ንርኽቦ። እዚ ንሓድነትን ንብዙሕነትን ባህሪ ቤተ ክርስትያን ይገልጸልና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣብ መኣዲ ቅ. ቍርባን ኣብ ዝተኣከብናሉ እዋን ክርስቶስ ንኹልና ከምንረኽቦ ይገብር፥ ኣብኡ ከምእንቐርብ ይገብረና ኣብ ከም ሓደ ሰውነት ኣብ ነንድሕድና ሓደ ከምእንኸውን ይገብረና፥ ንሱ ኸአ ናይ እዚ ሰውነት ርእሲ ይኸውን። ንሱ ንገዛእ ርእሱ ከም መባእ ይስውእን ምእንታና ይስዋእን፥ መስዋእትን ካህንን ይኸውን።

ኣብ ወንጌል ኢየሱስ ኣነጺሩ ብዘይፍርሒ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ ሕያው እንጌራ ኣነ እየ፥ ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዕ ዘበለ ንዘለዓለም ክነብር እዩ፥ እዚ ኣነ ምእንቲ ሕይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ኸአ ሥጋይ እዩ፥ ሥጋ ወዲ ሰብ እንተ ዘይበላዕኩም ደሙውን እንተ ዘይ ሰተኹምሲ ሕይወት ከም ዘይብልኩም ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ ኢልዎም። ሓደ ካብቲ ቀንድን ክፉእን ክሲ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ክርስቶስን ቀዳሞት ኣመንትን ዝነበረ በላዕቲ ሥጋ ሰብ ዝብል እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ነዚ ምስ ሰምዑ እዮም ቀልጢፎም ኣንጻሩ ዝተላዕሉ። ገለ ካብቶም ኣርድእቱ ከይተረፉ ነዚ ምስ ሰምዑ ሓዲጎሞ ከይዶም። "ብዙኃት ካብ ደቀ መዛሙርቱ ነዚ ሰሚዖም እዚ ዘረባ እዝስ ዕጹብ እዩ መን ክሰምዖ ይኽእል በሉ (ዮሓ 6፡ 60)። ሮማውያን ኣብ መንነ 64-313 ዓ.ም. ዘሎ ጊዜ ንክርስትያን በላዕቲ ሥጋ ሰብ እናበሉ ንቤተ ክርስትያን የሳድድዋ ነሮም። ኣብዚ እዋን እውን ንቤተ ክርስትያን በዚ ርድኢት ዝወቕስዋ ኣለዉ።

ብዙሓት ብሓደ ካብቲ ቤተ ክርስትያን እትኣምኖ ዘይቅበልዎ "ብሓቂ ህላዌ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅ. ቍርባን እዩ። ብዙሓት ሰባት ወላ እውን ብዙሕ እምነት ዘይብሎም ካቶሊካውያን ኣብዚ እዋን ልክዕ ከምቶም ኣብ ቅፍርናሆም ንኢየሱስ ዝተቛወምዎ ዝቛወሙ ኣለዉ። እቲ ሓቂ ግን ከምቲ ኢየሱስ ዝበሎ ሥጋኡ ሓቀኛ መግቢ ደሙ ኸአ ሓቀኛ መስተ እዩ። ወላእኳ ካብ መዓልታዊ መግብና ዝተፈለ ይኹን መዓልቲ መዓልቲ ንበልዖ ከምቲ እስራኤላውያን ኣብ በረኻ መና ዝበልዑ

ግን ዝሞቱ ዘይኮነ "ሥጋይ ዝበልዕ ደመይውን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነ እውን ኣብኡ እነብር ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከአ ኣላቶ"። ቅ. ቍርባን ንመንፈሳዊ ሕይወትና ይዕቅቦ፥ እቲ ካልእ እንበልዖ መግቢ ከምኡ እቲ እስራኤላውያን ኣብ በረኻ ዝበልዕዎ መና ንግዙፍ ኣካል ጥራሕ እዩ ከም ዝነብሩ ዝገበረ ድሕሪኡ ሞት ይስዕቦ።

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ቅ. ቍርባን ሰሙናዊ እምነትና እንገልጸሉ ብዓል ጥራሕ ኣይኮነን ብግድን ምስ ካልኦት ዘሎና ርክብ ዝጸሉ ክኸውን ኣለዎ ብፍላይ ምስቶም ሓገዝ ዘድልዮም" ይብሉ። ሰለስተ መገድታት ኣለዋ ቅ. ቍርባን ከመይ ገሩ ኣብ ሕይወትናን ኣብ ምስ ካልኦት ዘሎና ርክብ ለውጢ ከምዝገብር ክነለልየሉ እንኽእል።

1. ኣብ ኩሉ መዳይ ሕይወትና ምስ ሰባት ብኸመይ ከም እንርእዮምን ከመይ ዝበለ ርክብ ከምእ እንገብርን ምርኣይ። ከምቲ ክርስቶስ ምስ ካልኦት ክኸውን ዝፈቱ ዝነበረ እሞ ሕይወቱ ኣብ መስቀል ምእንቲ ካልኦት በጃ ዝሓለፈ ንሕና እውን ንርእስና ምእንቲ ኣሕዋትናን ኣሓትናን በጃ ክንሕልፍ ኣብ ኩሉ ሓጎሶምን ሓዘኖምን ዝተጸዋዕና ኢና።

2. ቅ. ቍርባን ጸጋ ሕድገት ኃጢኣትና ከምእንረክብን ንኻልኦት ከም እንሓድገሎም ይገብረና። ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅዳሴ ንኽይድ ንጹሓትን ብቑዓትን ስለ ዝኾና ኣይኮናን ወይ እውን ኣብ ቅድሚ ካልኦት ክንርአ ኣይኮናን እንኸይድ፥ እንኸዶ ኩሉ ጊዜ ፍቕሪን ምሕረትን ኣምላኽን ብናይ እቲ ሓደ ወዱ ኢ.ክ. ሥጋን ደሙን ከምዝመጽኣና ስለ እንኣምን ንፈልጥ ኢና።

3. ቅ. ቍርባን ሕይወት ኩሉ ማሕበር ክርስቶስ ከምዝልውጥ ንኣምን ኢና። ኣብ ቅ. ቍርባን እዩ ንሕና ከም ቤተ ክርስትያን መንነትናን ተልእኮናን እንረክብ። ነቲ ኢየሱስ ዝገበሮ ክንዝክር ኢልና ጥራሕ ኣይኮናን እንገብሮ፥ ነቲ ክርስቶስ ዝገገብረልና ዘሎ ብጸግኡ ዝመልኣና ዘሎን ብገዛእ ሕይወቱ ዝምግበና ንዘሎ ክነመስግን ኢልና ኢና እንገብሮ ዘሎና። ስለዚ ነቲ ኣብ ቅ.ቁርባን ዘሎ ክርስቶስ ብመንፈስ እምነትን ጸሎትን፥ መንፈስ ሕድገትን፥ ሓጎስን፥ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ምስኦም ሓደ ሥጋ እንቕውም ዘሎና ተገዳስነትን ከነምልኾን ምስኡ ክነብርን ኢልና ኢና።

ቅ. ቍርባን ዝለዓለ ህያብ ክርስቶስ ንነፍስወከፍና እዩ። ኣብ መንጎና ክህሉ ኢሉ ዝሃበና ስለ ዝኾነ ክንቅበሎ ምስኡ ኩሉ ጊዜ ርክብ ክህልወና ይግባእ። ምስኡ ከምዘሎና ዘረጋግጽ ካብ ሥጋኡን ደሙን እንተ ተቐበልና እዩ። ሕይወት ክህልወና ሞት ኃጢኣት ከየጥቅዓና ኣብ መኣዲ ቅ. ቍርባን ክንቀርብ ኣሎና። ግን ልብና ክነጽሕ ንኃጢኣት ክንሓድግ ብመገዲ ኣምላኽ ክንከይድ ኣሎና። ልብና ከይነጽሐ ቅሒሩ እንከሎ ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ከይንቐርብ ምኽንያቱ ዝበኣሰ ኢና እንገብር።

ሎሚ በዚ ብሩኽ መዓልቲ እምብኣር ነቲ ኣብ ቅ. ቍርባን ዝነብር ኢየሱስ ንብጽሓዮ ንለምኖ ንዛረቦ። ከምቲ ንማንም ህብስትን ወይንን ኣብ ሥጋኻን ደምካን ዝለወጥካ ንኣይ ኣባኻ ለውጠኒ ኢልና ንለምኖ። ንዝኣረገ ሕይወተይ ቀይረ ሓቀኛ ልኡኽካ ክኸውን እልምነካ ኣሎኹ ንበሎ።

ቅድስና ዘብዝሕ ብዓል ቅ. ቍርባን ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ